# "ጉዕዞ ታተ ድኽነት ኣይቐርፍን"

(መልእኽቲ ሓላፊ ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ)




ኣብዚ ሐዚ እዋን ዓለምና ዘላትሉ ብርኪ መነባብሮ መሸነፋይ ኮይንካ ክትርከብ ዝላዓለ ፃዕሪ ይሓትት። ንሕናውን ኣባላት እዛ ቅልዕቲ ቁሸት ብምኳንና ኣብ እንግዳዕና ተዳዕኒኑ ዝንሂ ድኽነት ካብ ሰሩ ሚሒና ናብቲ ዓለምና ትነብረሉ ዘላ ክንሰግር እንተኾይና ክንጎዪ ይግባእ። እቲ ጉያ ኩለመዳያዊኳ እንተኾነ እቲ ወሳኒ ነገር ግና ፀገምና ዝፈትሕ ዓቕሚ ምፍፃም ምጥራይ'ዩ። ዓለምና ኣብ ናፃ ዕዳጋን ውድድርን ኣትያ ሰላማዊ ቃልሲ ሞትን ሕውየትን ትገብረሉ ኩነት ኢና ዝንሄና። እዚ ዘለናሉ ኩነት ንምፍታሕ መንግስቲ ዝተፈላለዩ ፕሮግራማት ህንፀት ዓቕሚ ኣዳልዩ ኣብ ምትግባር ይርከብ። ካብዞም ፕሮግራማት ቀንዲ ፕሮግራም ምምሕያሽ ስቪል ሰርቪስ እንትኸውን ኣብ ውሽጢ እዚ ፕሮግራም ዘለዉ ፕሮጀክትታት ምትግባር ቀንዲ ተግባር ሕድሕድ ሰራሕተኛ መንግስቲ ይኸውን። እዞም ፕሮግራማት ንምትግባር ሰብ ሞያተኛታት ምህላው ኣድላዪ ብምኳኑ መንግስቲ ዝለዓለ ቆላሕታ ሂቡ ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ።

ብመሰረት እዚ ዛጊድ ብርክት ዝበለ ዝሰልጠነ ሓይሊ ሰብ ኣብ ዝተፈላለየ ዓይነት ሞያ ተመዲቡ ኣብ ስራሕ ተዋፊሩ ይርከብ። እዚ ሓይሊ ሰብ እዚ ኣብ ዝተመደበሉ ቦታን ዓውደ ስራሕን ብግቡእ እንተተጠቒምናሉ ዓብይ ሓይሊ'ዩ። እዚ ሓይሊ እዚ ኣብዝግበር ከይዲ ልምዓት ዝተቐመጡ ትልምታትና ኣብ ዝሓፀረ እዋን ዕዉት ሽቶ ከመዝግብ ከምዝኽእል ሙሉእ እምነት ኣለና። እቲ ዝለዓለ ሃፍቲ ሓንቲ ሃገር ዝሰልጠነ ሓይሊ ሰብ ምኳኑ ኣየጠራጥርን ግና በቲ ዝድለን ዝጠቅምን መልክዕ እንተዘይተጠቒምናሉ እቲ ዝበሃል ዘሎ ሃፍቲ ኣብ ክንዲ ፀጋ ኮይኑ ዝረብሓና ስግኣት ኮይኑ ኣብ ዝኸፍአ ሓደጋ ከውድቐና ይኽእል'ዩ። ኣብ ዝተመደበሉ ቦታ ስራሕ ብግቡእ ሓላፍነቱ ዘይፍፅም ኣካል እንትህሉ ሕጋዊ ተመፅዋቲ፣ እቶት ሃፍቲ ሃገር እናፈረመ ዝወስድ ሓይሊ እዩ ዝኸውን። እዚ ኹሉ ከይፍጠር እንበኣር ሕድሕድ ዝምልከቶ ኣካል ኣብ ኣጠቓቕማ ሓይሊ ሰብ ዝለዓለ ቆላሕታ ገይሩ ክንቀሳቐስ ሓላፍነት ኣለዎ። ዘለናሉ ግዘ፣ ግዘ ውድድር ብምኳኑ ኣብ ዝተውሃበካ ስራሕ በሊፅካ ምርካብ እንኮ መማረፂ እዩ። ስራሕትና ንምሽናፍ ኩሉሻብ ተጊህና ክንሰርሕ ኣለና። እዚ እምነት እዚ ተኸቲልና ኣብ እንኸደሉ እዋን ዘቐመጥናዮም ሽቶታት ብግቡእ ክንፍፅሞም ንኽእል።

ሕፅረታት ኣፈፃፅማ ስራሕ ንምቕራፍ መንግስቲ ዝተፈላለዩ ስልጠናታት ብምሃብ ዓቕሚ ሰራሕተኛታት ንምዕባይ ዝላዓለ ፃዕሪ እናገበረ ይርከብ። ዛጊድ ብርክት ዝበሉ ሓፀርትን ነዋሕትን ስልጠናታት እናተውሃቡ መፂኦም እዮም። ኣፈፃፅምኡ ፍትሓዊ ክኸውን መምርሒታትን ደንብታትን እናወፁ ተግባራዊ ክኾኑ ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ።

ዝተቐመጡ መደባት ፍትሓውነት ዝዓሰሎም ኮይኖም ክትግበሩ፣ ኣወሃህባ ግልጋሎትና ብምምሕያሽ ሕብረተሰብና ተጠቃሚ ዝኾነሉ ዕድል ምፍጣር እዚ ንቕልጣፈ ልምዓት ወሳኒ ምኳኑ ኩሉ ኣሚኑ ተሳታፊ ክኸውን ኣለዎ። መንግስቲ ዘቐመጦም ፕሮግራማት ኣብ ረብሓ ውዒሎም ልምዓት ከረጋግፁ ዝኽእሉ ሕብረተሰብ ብምሉእነት እንትሳተፈሎም እዩ። ብመሰረት እዚ ሕብረተሰብ ቀጥታ ተጠቃሚ ረሃፁ ክኸውን ዘይምእኹል ምምሕዳር እስካብ ብርኪ ጣብያ ወሪዱ ተግበራዊ ኮይኑ'ዩ። ኣብ ክሊ እዚ ዝረኣዩ ፀገማት ንምቕራፍ ድማ ጥማር /ፓኬጅ/ ሰናይ ምምሕዳር እስካብ ታሕቲ ብርኪ መሓውር ወሪዱ እናተተግበረ ምኳኑ ዝስሕቶ ኣካል ኣይህሉን። ፕሮግራማት ምምሕያሽ ስቪል ሰርቪስ ኣብ ሽትኦም ክበፅሑ እስካብ ቁሽት ተግባራዊ ዝኾኑሉ መንገዲ መንግስቲ ኣብ ምንዳይ ይርከብ። ኣብ ከይዲ ዘጋጥሙ ፀገማት ንምፍታሕ ሓበሬታ ወሳኒ ብምኳኑ እስካብ ብርኪ ጣብያ መርበብ ሓበሬታ ንኽህሉ ኣድላዪ ዘበለ ስራሕ ይትግበር ኣሎ ።

ዝሓዝናዮም ዕማማት ዕዉታት ኮይኖም ክወፁ ኣሰራርሓና ንመደባትና ብዘድሚ ጥራሐ ዘይኮነ ቅልጡፍ ለውጢ ብዘምፅእ መልክዑ ንምትግባር መንግስቲ ሓንፂፅዎ ዘሎ መሰረታዊ  ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ (BPR) ተግባራዊ ምግባር ሰጋእ ዘይንብለሉ ዋኒንና ክኸውን ይግባእ። ልዕሊ ሓደ ክፍለ ዘመን ዘቑፀረ ኣሰራርሓ ሒዝና ምስ ህዝቢ ዓለም ተወዳደርቲ ከይና ኣብዚ ሐዚ እዋን ክንነብር ኣይንኽእልን። ከምቲ ዝፍለጥ ዓለምና  ካብ ውድድር ወፃኢ ዘይንበረላ ቁሽት ኮይና ኣላ። ስለዝኾነ ለይትን ቀትርን ኢልካ ሰሪሕኻ ዝንበረሉ እዋን ምስ ምህላውና ርኡይ ለዉጢ ክመፅእ ምፅዓር ግድን እዩ። ከምሰንሰለት ኣብ ልዕለይና ዝተጠምጠመና ድኽነት ንምብታኽ ዝተዓፃፀፈ ስራሕ ክንሰርሕ ኣለና።

መንግስቲ ዘቐመጦም ፕሮግራማት ኣብ ሽትኦም ክበፅሑ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ እጃሙ ክፍፅም ሓላፍነት ኣለዎ። ምኽንያቱ ብሓደ ወገን ጥራሕ ዝመፅእ ልምዓት ስለ ዘይህሉ ተሳትፎ ምሉእ ሕብረተሰብ ኣድላዪ እዩ ጥራሕ ዘይኮነስ ወሳኒ እዩ።